
# ግሩም ናይ ኢድ ጽርየት

ብሕማም ካብ ምልካፍን ንኻልኦት ካብ ምልካፉን ተኸላኸል



**ኩሉ ግዜ ኣእዳውካ ተሓጸብ!**
ተሓላላፊ ሕማም ዘምጽእ ነገራት ብቐሊሉ ኣብ ኣእዳውን ኣብ ከም ናይ ማዕጾ ልዓት/ማኒልያ ዝኣመሰሉ ነገራትን ይለግብ። ንኻልእ ሰብ ብኢድካ ምስ እትሕዞ ድማ እቲ ሕማም ይተሓላለፍ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ኣእዳውካ ብሳምናን ውዑይ ማይን ተሓጸብ። ኩሉ ግዜ ቅድሚ ምምጋብካ፡ መግቢ ምስራሕካ ከምኡውን ድሕሪ ሽቓቕ ምዝውታርካ ኣእዳውካ ተሓጸብ። ኢድካ ክትሕጸብ ምስ ዘይትኽእል፡ ከም ኣማራጺ ናይ ኢድ ኣልኮል ተጠቐም።



**ክትስዕልን ዕንጥሾ ክትብልን ከሎኻ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብላዕለዋይ ኢድካ ሽፍኖ!**
ክትስዕል ወይ ዕንጥሾ ክትብል ከሎኻ ተመሓላላፊ ሕማም ዚስከሙ ኣዚዮም ነኣሽቱ ህዋሳት ይብተኑ እዮም። ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብላዕለዋይ ወገን ኢድካ ሸፊንካ ወይ ድማ ኣብ መንዲል/ሶፍት ምስ እትስዕልን ዕንጥሾ ምስ እትብልን ነቲ ተመሓላላፊ ሕማም ኣብ ከባቢኻ ካብ ምብታን ወይውን ንኣእዳውካ ካብ ምብካል ተድሕኖ።

Folkhälsomyndigheten